# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.252 | ሰንበት 21 ሰነ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ሪፖርታዥ

ገጽ 4 ሪፖርታዥ

ገጽ 7 ካብ ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ



ገጽ 8  ገዲም ተቓዳዳማይ ብሽክለታ ...


## 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ብልዑል ሓበን ተዘኪራ

20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኤርትራውያን ኣብ ዝነብሩለን ሃገራትን ብልዑል ሓበን ተዘኪራ።

ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ ትማሊ 20 ሰነ፡ ሰዓት 6:00 ንግሆ ካብ ሜዳ ባሕቲ መስከረምን ጐደና ሰማእታትን ክሳብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ናይ እግሪ ጉዕዞ ተኻዪዱ።

ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ብኤሪ-ቲቪን ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራን ብቐጥታ ዝተፈነወ ወግዓዊ ስነ-ስርዓት፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብናይ ክብሪ ሰልፊን ሰላምታን ተሰንዩ፡ ንክብሪ'ቶም ስለ ሃገርን ህዝብን ዝተበጀዉ ጀጋኑ ሰማእታት ኣኽሊል ዕንባባ ኣንቢሩ።



ስእሊ-ኣብርሃም በየነ

ብድሕሪ'ዚ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ዲፕሎማሰኛታትን ብኣሸሓት ዝቍጸር ህዝብን ዝተረኽቡሉ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ቀሪቡ።


እቲ ብኮሚሽን ባህልን ስፖርትን - ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ዝተዳለወ መደብ፡ ንርዝነትን ትርጉምን መሰዋእትነት ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ዘጠቓለለ ነይሩ።

በዚ ኣጋጣሚ፡ ትማሊ ልክዕ ሰዓት 1:00 ድ.ቐትሪ፡ እቲ ልሙድ ብኤሪ-ቲቪን ድምጺ-ሓፋሽ ኤርትራን ብቐጥታ ዝምራሕ፡ ብሕልና ምስ ሰማእታትና እንራኸበሉ ናይ ሓደ ደቒቕ ሓባራዊ ናይ ዝኽሪ ሰማእታት መደብ ተኻዪዱ።

## ህዝቢ ኤርትራ፡ ሽምዓን ጥዋፍን ብምውላዕ ንሰማእታቱ ብሓበን ዘኪሩ

ብ19 ሰነ ምሸት፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን፡ ሽምዓን ጥዋፍን ብምውላዕ ንሰማእታቱ ብልዑል ሓበን ዘኪሩ።

ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ ብባንድ ምረሻ ዝተመርሐ ኣሸሓት ህዝቢ ዝተሳተፎ ሰልፊ ሽምዓ፡ ካብ ጐደና ሰማእታት ብጐደና ሓርነት ኣቢሉ ክሳብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ድሕሪ ምጕዓዙ፡ ንርዝነት'ታ ዕለትን መብጽዓ ሕድሪ ሰማእታትን ዝተዳለወ ባህላዊ መሰናድኦ ቀሪቡ።



ስእሊ-ክብሮም ጸሃየ



ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተኪኤ ቀለታ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሰዉኣትና - ናጽነት ክውን ዝገበሩን ልኡላውነትና ዘውሓሱን - ምንጪ ኲርዓትናን ሓበንናን ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ንዝወደቑሉ ዕላማ ምስራሕን ንስድራ ስዉኣት ምሕብሓብን ንሶም ዝገደፉልና ሓደራ ስለዝኾነ፡ 20 ሰነ - ሽምዓን ጥዋፍን ኣብሪህና ኣብ ሕድሮም ጸኒዕና ከም እንምርሽ ቃልና እነሐድሰላ ዕለት ምዃና ኣገንዚቡ።

ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገርና'ውን፡ እታ ዕለት፡ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ዕንባባ ብምንባር፡ ሽምዓን ጥዋፍን ብምብራህ፡ ከምኡ'ውን ናይ እግሪ ጉዕዞ ብምክያድን ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ብምቕራብን ብልዑል ሓበን ተዘኪራ።

# ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ብምኽንያት 20 ሰነ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣካዪዱ

ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ብምኽንያት ዝኽሪ 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ማሕበራዊ ንጥፈታትን ስነ-ጥበባዊ መደባትን ኣካዪዱ።

ብ16 ሰነ ኣብ ቀጽሪ መቓብር ሓርበኛታት ዝተኻየደ ማሕበራዊ ወፈራ፡ ካብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃኮሰኤ ዝተዋጽኡ ኣስታት 60 ሰራሕተኛታት ተሳቲፎም።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ሃኮሰኤ ካብ ዝተወደባ 25 ትካላት ዞባ ማእከል ዝተዋጽኡ 420 ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ደምበ-ዛውል ንምግራብ ኣብ ዝተሓዝአ ቦታታት ዛላታት ሰሪሖም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ብ17 ሰነ ንዝኽርን ክብርን ሰማእታትና ዘንጸባርቕ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦን ትረኻ ውዕሎ ጀጋኑን ዘጠቓልል መደብ፡ ኣብ ኣዳራሽ ሃኮሰኤ ቀሪቡ።

20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ንዝኸፈልናዮ ክቡድ ዋጋ እናስተንተንና፡ ቃልና ንትግባረ ሕድሪ ሰማእታት ክነሐድስ እተዘኻኽር ዕለት ምኻና ዝገለጸ ምኽትል ዋና ጸሓፊ ሃኮሰኤ ኣቶ ክብረኣብ ኪዳኑ፡ ኣብ ዝተዋፈርናሉ ዓውድታት ብኣድማዕነትን ብዘይ ተጉላባነትን ክንዓዪ፣ ዝሓሸ መጻኢ ንምህናጽ ኣብ እነሰላስሎ ስራሕ ድማ ንሰማእታትና መዃዓዝትና ክንገብሮም ኣዘኻኺሩ።



# ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ መደባት ዝኽሪ ሓበን ወዲቦም

ኤርትራውያን ነበርቲ ላስቬጋስ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኢስታንቡል - ቱርኪ፡ ከምኡ'ውን ጅዳን ሪያድን - ስዑዲ ዓረብ፡ ብምኽንያት 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ኣብ ዝወደብዎ መደባት ዝኽሪ ሓበን፡ ንመሰሰኒ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታትን መጠወሪ ስድራ ስዉኣትን ዝውዕል ገንዘብ ወፍዮምን ተመባጺዖምን።



ብመሰረት ክኑብ ቦታኡ ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ላስቬጋስ ብ17 ሰነ ኣብ ዘካየድዎ መደባት ዝኽሪ ሓበን፡ ንመሰሰኒ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ዝውዕል 33 ሽሕ ዶላር ኣመሪካ ኣበርኪቶም።

ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ዝኽሪ 20 ሰነ - ባህልን ክብርታትን ጀጋኑ ሰማእታትና ንምዕቃብ ሙብጽዓና እኑሓድሰላ ዕለት ምኻና ገሊጾም።

ኣብ ቱርኪ ዝነብሩ ኤርትራውያን ብወገኖም፡ "ዝኽርና ክብርና፡ ግብርና ደበሶም" ብዝብል ቴማ፡ ብ19 ሰነ ኣብ ከተማ ኢስታንቡል፡ ሽምዓ ብምብራህ ሰማእታቶም ዘኪሮም።

ናይ ክብሪ ቈንስል ኣቶ ሙሕየዲን መሓመድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኑቶም መሰረት ህላወናን ምንጪ ዘሎብን ታሪኽናን ዝኾኑ ጀጋኑ ስዉኣትና ኣብ እንዝክረሉ፡ ሕድሮም ንምትግባርን ውዕሎኦም ናብ ወለዶታት ንምሰግጋርን ሓላፍነት እንወስደሉ ኣጋጣሚ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ብተመሳሳሊ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ጅዳን ከባቢኣን - ስዑዲ ዓረብ ብ19 ሰነ ኣብ ዘካየድዎ ስነ-ስርዓት፡ ካብ 2005 ክሳብ 2025 ሓላፍነት ምጥዋር 1902 ስድራቤታት ስዉኣት ብምውሳድ ግቡኣቶም ከምዝዛማልኡ ክሕበር ከሎ፡ ተወሰኽቲ 80 ስድራ ስዉኣት ንምጥዋር ቃል ኣትዮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣባላት ሃማደኤ ንመሰሰኒ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ዝውዕል 3,105 ሪያል ኣበርኪተን።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣደም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284


# እምኒሓይሊ - ብሓደጋ መኪና ኣብ ሰብን ንብረትን ጉድኣት ወሪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ብ18 ሰነ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ ብዘጋጠመ ሓደጋ መኪና፡ ኣብ ህይወት ሰብን ንብረትን ጉድኣት ወሪዱ።

እቲ ሓደጋ፡ 9 ሰባት ጽዒና ካብ ኩዶብዑር ናብ መንደፈራ ትጓዓዝ ዝነበረት ER-1C-7487 ሰሌዳ ዝሰቐለት ናይ ገዛ መኪና፡ ኣብ መንገዲ እምኒ ሓይሊ - ድርኮ ካብ መስመራ ወጺኣ ብቢንቶ ብምጽዳፉ'ዩ ስዒቡ።

በዚ ድማ ካብ ተሳፈርታ 2 ክሞቱ ከለዉ፡ 5 ከቢድ፡ 2 ድማ ፈኲስ ኣካላዊ ማህሰይቲ ኣጋጢምዎም ኣብ መወከሲ ሆስፒታል መንደፈራ ሕክምናዊ ናብዮት ይግበረሎም ከምዘሎ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

መርማሪ ሓደጋ ትራፊክ ደሴ ተኽላይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቀንዲ ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ ሸለልትነት ዝመንቀሊኡ ሓደገኛ ኣመራርሓን ልዕሊ መጠን ጽዕነትን ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ ሰርጌንት ዓብደላ ዓሊ ብወገኑ፡ ተደጋጋሚ ጥሕሰታት ሕግታት ትራፊክ ኣብ ሰብን ንብረትን ጉድኣት የውርድ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ተርእዮ ሓደጋታት ንምግታእ - መራሕቲ መካይን ሕግታትን መምርሒታትን ኣኽቢሮም ክመላለሱ ኣዘኻኺሩ።



ሪፖርታዥ

ሳሙኤል ገ/ብርሃን
ክ/ኢሚግረሽንን ዜግነትን

# ‘ኪዳን ምስ ሰማእቲ ብስነ-ጥበብ’

## መዓልቲ ሰማእታት ኣብ ክፍሊ ኢሚግረሽንን ዜግነትን

20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት፡ እቲ ክቡር ዋጋ ናጽነትን ልኡላውነትን ዘዘኻኽር፡ ንቃልኪዳን ዜጋታት ምስኡም በዓ ዝሓለፉ ጀጋኑ ዘሐድስ ረዚን መዓልቲ እዩ። ነዚ መዓልቲ እዚ ምኽንያት ብምግባር፡ ብዕለት 18 ሰነ 2026 ምሸት ኣብ ቀጽሪ ክፍሊ ኢሚግረሽንን ዜግነትን፡ ብኣባላት እቲ ክፍሊ ዝተዳለወ ስነ-ጥበባዊ ምርኢት ተኻይዱ። ኣብቲ መደብ፡ ምዕሩግ ናይ ስራሕ ዩኒፎርም ዝለበሱ ኣዕለምቲ ሓለፍቲ ዝርከብዎም ኣባላት ክፍሊ ኢሚግረሽንን ዜግነትን ተረኺቦም ነይሮም። እቲ መደብ ብዝኽሪ ሰማእታት ተጀሚሩ፡ ሰንሰለታዊ ስነ-ጥበባዊ ምርኢታት እናተኸታተሉ ቀሪቦም።

### እቲ ቅዱስ ማሕላን ዘይዓጽፍ ኪዳንን

እቲ ስነ-ጥበባዊ ምርኢት ብሓደ መሳጢ ስእላዊ ድራማ እዩ ተጀሚሩ። ዩኒፎርም ክፍሊ ኢሚግረሽንን ዜግነትን ዝለበሱ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ኣብ መድረኽ ብምውጻእ፡ ነቲ ተሳቲፎቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ እዋን መመረቕታ ዝፍጽምዎ ሃገራዊ ማሕላ ኣቕሪቦም። እቲ “...ብስም ስውኣት እምሕል ኣለኹ!” ዝብል ክፋል እቲ ማሕላ፡ ኣብ ትሕቲ ጸላል ዝኽሪ መዓልቲ ሰማእታት ኳንኻ ክተሰተንትኖ ከለኻ፡ ኣብ ልቢ ኣፍሲ ወከፍ ተዓዚቢ ፍሉይ ናይ ሓላፍነትን ተዘክሮን ስምዒት ዘንጸብርቕ ነበረ። እቲ ማሕላ ንተራ ቃላት ዝሓለፈ፡ ህይወትካ ንሃገርን ህዝብን ኣሕሊፍካ ናይ ምሃብ ውሳነ ዝሓዘ ብምዃኑ፡ ነቲ መድረኽ ብፍሉይ ርዝነት’ዩ ሂብዎ።

እቶም ሰብ ማሕላ ኣብ ቦትኦም ጸኒዖም ከለዉ ድማ፡ ‘ዘይዓጽፍ ኪዳን’ ዝብል ትንተናዊ ምርኢት ቀጺሉ ቀሪቡ። እዚ ምርኢት’ዚ፡ ምስ ሰማእታትና ዘለና ቃልኪዳን ካብ ወለዶ ናብ




ወለዶ ዝሰጋገር ዘለኣለማዊን ጽኑዕን እምበር፡ በበዘበረቐ ጸሓይ ብቐሊሉ ዝጸኒፍ ከም ዘይኮነ ብምጉላሕ፡ ሕድሪ ሰማእታት ብቓል ጥራይ ዘይኮነስ ብምዕባርን ብስራሕን ክዉዓዓበር ማሕላና ክሐድስ ዘተሓሳስብ ነይሩ። እቲ ትንተናዊ ትርኢት፡ ነቲ ኣብ መንነትና ሰማእታትናን ዘሎ መንፈሳዊ ድልድል ዝርኢ ኮይኑ፡ ማስዋእቲ መውዳእታ ዘይኮነስ ሓድሽ ምዕራፍ ሃገራዊ ህንጸት ምዃኑ ዘረድእ ነበረ።

### ‘ኣብ ኣሰርኩም’ - ብርሃን ዝሰለበ ጉዕዞ

ምስዚ ብምትእስሳር፡ ‘ኣብ ኣሰርኩም’ ዝብል ብቛንቋ ትግርኛ ዝተደረፈ ዜማ ሰዓበ። መልእኽቲ እዚ ደርፊ፡ ኣብ ዝሓለፈ ጽንኩር እዋናት ኩሉ ነገር ክዕጸወናን ክርገጠናን፡ ቀትርና ክጽልምትን መቓልሕ ጥፍኣት ክደሃየናን ከሎ፡ ከምቲ ማሕላና ኣብ ኣሰር ሰማእታትና ስለ ዝጸናዕና መገድና ክንከፍት ከም ዝኸኣልና ዝገልጽ እዩ። ኣሰር ሰማእታት ፈጺሙ ከይሃስስን ከይብረዝን ሓደራ ዝሰከመ እዚ ደርፊ፡ “ሕጂ’ውን ኣብ ኣሰርኩም ኣለና” ብምባል ንተዓዘብቲ ናብ ናይ ጽንዓት መንፈስ መሪሒዎም። እቲ ብልዑል ስምዒትን ጥዑም ዜማን ዝተሰነየ ኣቀራርባ፡ ፈተናታት ብምጽዋር ንቕድሚት ምስጓምን ኣሰር ሰማእታትና ምስዓብን ዘለዎ ኣገዳስነት ብስእላታትን ብቓላትን ብንጹር ኣረዲኡ።

### ‘ሰፈር ሰማእቲ’ - ኣብ መንጎ ወለዶታትን ታሪኽን ዝዝርግሐ ድልድል

ቀጺሉ ዝሰዓበ ብደርፍታት፡ ግጥምታትን በይኑተዋስኦን ዝተዓጀበ ‘ሰፈር ሰማእቲ’ ዝርእስቱ ምርኢት እዩ ነይሩ። እዚ ምርኢት እዚ፡ ሰማእታት ኣብቲ ብምዕሩግ ኣቕጽልቲ ዝተሸለመ ሰፈሮም ኮይኖም ኵሓድሕዶም ዝዕበርዎ ዕላል ዘርኢ እዩ። ካብ 60ታት፡ 70ታት፡ 80ታት፡ 90ታትን ድሕሪ ናጽነት ኣብ ምውሓስ ልኡላውነትን ንዝተሰውኡ ጀጋኑ ዝወክሉ ሰማእታት ተጋቢኦም ታሪኻዊ ፍጻሜታትን ናይ ቃልሲ ተመክሮታትን ከውግዑ ተራእዮም።

ኣብ ግዜኡ ታሪኻዊ ፍጻሜታት እናልዓሉ፡ ንዝበረ ተጻዋርነትን ኒሕን ምጽማምን፡ ነቲ ኣብ እዋን ማስዋእቶም ዝበረ ጽንኩር ኩነታትን ከውግዕሉ እናኸትዕዘቡ፡ ምስቲ ንንጸህናኦምን ፍቕሪ ህዝቦምን ዘንጸብርቕ ጻዕዳ ክዳውንቶም ኣብ ልቢ ተዓዘብቲ ዓሚቕ ናይ ናፍቖትን ክብርን ስምዒት ዘሕደረ እዩ ነይሩ። እቲ ትርኢት፡ ንሓደ መዋእል ቃልሲ ኤርትራ ኣብ ሓጺር መድረኽ ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ካብቶም ቀዳሞት ማስረቲ ብረታዊ ቃልሲ ጀሚርካ ክሳብ እቶም ኣብ ቀረባ ግዜ ልኡላውነት ሃገር ዘውሓሱ መንእሰያት ዘራኸበ እዩ ነይሩ።

ኣብ መንጎ ዕላሎም ድማ ‘ንዓኻሽ ሕራይ’ እትብል ደርፊ ተሰሚዓ። እዛ ደርፊ እዚኣ፡ ሰማእታት ኤርትራ ንሕቶ ሃገር ‘እምቢ’ ከይበሉ፡ መንኾት ካብ መቓብር ንምውጻእ ብወለንታኦም ‘ሕራይ ንማስዋእቲ’ ዝበሉ ናይ መውዳእታ ውፉያት ምዃኖም እተዘኻኽር ነይራ። እዚ ወለንታዊ ተወፋይነት እዚ እዩ ድማ ነቲ ናይ ቃልሲ ታሪኽና ፍሉይ ፍቕርን ማስዋእትን ዘለብሶ።

ዝኽሪ ሰማእታትና ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገር ክቡሪ ምዃኑ ንምርኣይ ድማ፡ ሓደ ህጻን ኣብ መድረኽ ብምቕላቕል ብመልክዕ ግጥሚ ንሰማእታት “ሓብሲ ንብዖት - ዋልታ ወገናቱን ምንጪ ሓድነትን” እናበለ ክገልጾም ከሎ፡ እቶም ኣብቲ ‘ሰፈር ሰማእቲ’ ዝነበሩ ተዋሳእቲ ሰማእታት’ውን በዚ ናይቲ ህጻን ናይ ክብሪ መግለጺ ሓበን ከም ዝተሰምዖም ኣብ ወገዖም ገሊጾም። እዚ ድማ ታሪኽናን ሕድሪ ሰማእታትናን ኣብ ኢድ እሙናት ህጻናት ከም ዘሎ ዘርኢ ጽቡቕ ምሳሊ ነበረ።

### ናይ መዙኡ ናፍቖትን ሰብኣዊ ዋጋ ማስዋእትን

እቲ ተዘክሮ በዚ ጥራይ ኣይበቕዐን፤ መዙኡን መተዓብትን ተዘኪሮም። ኣብ ንእስነቶም መላጺዩቲ ርእሲ ንዝበሩ መሳቱ ማስዋእቲ ከም ዝፈለየም ዘዘንቱ ‘መላጸዩቲ ርእሰይ’ ዝብል ግሩም ደርፊ ቀሪቡ። እዚ ደርፊ እዚ፡ ነቲ ኣብ ርሱን ውግእ ዝበረ ከቢድ ህሞትን ሓደ ስውእ ብጹይ ዘርኣዮ ተኣምርን እናተንተነ፡ እቲ ጀግና ታሪኽ ከም ዝሰርሐ ዘንጸብርቖን ኣብ ልቢ ተዓዘብቲ ዓሚቕ ናፍቖት ዝዘርኣን ነበረ። እዚ ደርፊ እዚ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ብጾት ዝበረ ጥቡቕ ፍቕርን ሓልዮትን ዘዘኻኽር ኮይኑ፡ ምእንቲ ናጽነት ዝተኸፍለ ሰብኣዊ ክሳራታት ክሳብ ክንደይ ዓሚቕ ከም ዝበረ ዘጽር እዩ።

እዚ ሰዓብ፡ ኣሚን ሰውእ ምስ ሕሶስ ልደ ህጻናያ ናብ መድረኽ ተቐልቂሉ። ኣብዚ ምርኢት፡ እቲ ህጻን ነቲ “ክምለስ እየ” ኢሉ ዝተፋነዎ ኣቦኡ ክጽበ ከሎ፡ ማዕጾ ኳሕ ኣብ ዝበለሉ ግዜ “ባባ መጺኡ” እናበለ ብሃንቀውታ ክቕበል ዝጉዓዮ ናይ ሃንቀውታ ምንቅስቓስ ብዝርዝር ዘንጸብርቕ ነበረ። እቲ ሰውእ ኣቦ ከም ዘይመጽእ እናፈለጠት፡ ነቲ ናይቲ ህጻን ተስፉን ሃንቀውታን ክትርእዩ ከላ እታ ኣደ ዝሰምዓ ስቓይን ክግለጽ ከሎ፡ ኣብ ልቢ ተዓዘብቲ ዓሚቕ ስምዒት ፈጢሩ። እዚ ምርኢት እዚ ንተዓዘብቲ ነቲ ማስዋእትና ክሳብ ክንደይ ከቢድ ዋጋ ዝተኸፍሎ ምዃኑ ደጊሙ ዘዘኻኸረ ነይሩ።

### “ምጉዓል እዚ’ዩ” - ረዚን ሕቶን ምልልሳዊ ምኽርትን

እቲ ወግዒ ሰማእታት ሓደ ረዚን ሕቶ ብምልዓል እዩ ዝቐጸለ፡ “ወገናትና ነቲ ምጉዓልናን ንክሉ ምጉዓልን ከመይ ይገልጽዎ ይኾኑ?” ዝብል ሕቶ ኣብዮም ሰማእታት ተላዒሉ። ነዚ ሕቶ እዚ ምላሽ ንምሃብ ክልተ ሰብ ኣብ መድረኽ ቀሪቦም ብምልልሳዊ ግጥሚ ኣብሊም ምላሽ ኣቕሪቦም። ምእንቲ ኤርትራ ዝተሓልፈ ገድልን ምጉዓልን ኣዝዩ ከቢድ፡ ጽንዓትን ዓቕልን ዝሓተተ ከቢድን ረዚንን ሰብ ጥራይ ክሓልፎ ዝኽእል ፈታኒ መድረኽ ምንባሩ፡ “ምጉዓል እዚ’ዩ” ብዝብል ኣርእስቲ ዝቐረበ ምልልሳዊ ግጥሚ ብንጹር ኣረጋጊጽዎ። እቲ ምልልስ ነቲ ኣብ በረኻታት ዝበረ ናይ ጥምየትን ጽምእን ሃሩርን ፈተናታት ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ኣብ ውሽጢ ነፍሲ ወከፍ ተቓላሳይ ዝበረ ሃገራዊ ጽንዓትን ፍቕርን ዘጉልሕ ነበረ። ምጉዓል ማለት ህይወትካ ንካልኦት ኣሕሊፍካ ምሃብ ምዃኑ እቲ ግጥሚ ብረቂቕ ቃላት ተንቲኑዎ።

ቀጺሉ ብቛንቋታት ብዓዊትን ትግርኛን ዝተዘየመ፡ ነቲ ከቢድ ምጉዓል ንዝሓለፉ ሰማእታት እትውድስ ዜማ ሰዓበ። መልእኽቲ እዚ ደርፊ እዚ፡ እቶም ረዚን ናይ ምጉዓል መንፈስ ሰኒቖም ከቢድ እዋን ዝሰገሩ ጀጋኑ፡ ካብ ዝጸበይዎ ሓዘንን ንብዖትን ዘይኮነሱ ኣብ ሓበን ዝተሰረተ ግብራዊ ስራሕን ምትግባር ሕድሮምን ጥራይ ምዃኑ ዘዘኻኽር ነይሩ። እዚ ብኽልተ ቋንቋታት ዝቐረበ ዜማ፡ ንሓድነትን ብዙሓብሃልን ኤርትራ ብምውካል፡ ሰማእታት ካብ ኩሉ ብሄራት ከም ዝተሰውኡን ሕድሮም ድማ ናይ ኩላትና ሓብራዊ ሓላፍነት ምዃኑን ዘጉልሕ ነበረ።

### ‘ጾም ሰማእቲ’ - ስነ-ስርዓታዊ ቅጽዓትን ሕድሪ ምሕዳግን

ስምዒት ኣብ ጫፉ በጺሑ ኣብ ዝበረሉ ህሞት፡ ‘ጾም ሰማእቲ’ ዝብል ግጥሚ ቀረበ። ኑቶም ሕልኽልኽ እዋን ብህልኽ ዝሰገሩ፡ ደኺምና፡ ጸሚኢናን ጠሚናን ከይበሉ ከለንቶም ምእንቲ ረምን መንኾትን ዝሓለፉ ብሉጻት፡ ኣብዚ ረብ ዕሉቶም እንተጸወምናለም ፈጺሙ ውሑድ ምዃኑ ብመሳጢ ቃና ኣቕሪቡ። እዚ ግጥሚ እዚ ንስጋዊ ድሌታት ብምግታእ ንዘኸሪ ሰማእታት ክብር ቦታ ምሃብ ዝጸውዕ ኮይኑ፡ ጾም ከም መግለጺ ናይቲ ምስኦም ዘለና ቃልኪዳንን ፍቕርን ከም ዝሰርዕ ዘረደአ ነበረ።



እዚ ግጥሚ ተኸቲሉ ድማ፡ ‘ከዕልል ዊዒለ’ ዝርእስቱ ዛዛሚ ደርፊ’ዩ ቀሪቡ። እዚ ደርፊ እዚ፡ እቲ “ምስ ሰማእታት ከዕልል ወዒለ” ዝብል ደርፊ፡ ነቲ ምስ ዝኽሪ ሰማእታት ዘሎ ዓሚቕ ስምዒታዊ ምትእስሳር ብምሳልያዊ ቃላት ዝገልጽ እዩ። እቲ ዜማ ንሓለፉ እቶም ንሃገር ክቡር ህይወቶም ዝሃቡ ጀጋኑ ብምዝኻር፡ ምስ ታሪኾምን ክብርታቶምን ብመንፈስ ምዕላል ዘለዎ ናፍቖት የንጸብርቕ። ነቲ ዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ ብምግንዛብ ድማ፡ ሓደራኦም ንምዕቃብን ንቕድሚት ምስጓምን ዘለና ሓላፍነት የዘኻኽር። ብሓፈሻ እዚ ደርፊ’ዚ፡ ሓዘንን ሓበንን ብሓደ ብምውህሃድ ኣብ ልቢ ሰማዕቱ ዝኽሪ ዝቀስቅስ ጥበባዊ ስራሕ ነይሩ።

ብጠቕላሉ፡ እዚ ብኣባላት ክፍሊ ኢሚግረሽን ዜግነትን ‘ቃልኪዳን ብስነ-ጥበብ’ ኣብ ዝብል ቴማ ዝቐረበ መደብ፡ ምስ ሰማእታትና ዘየጸፍ ኪዳን ከም ዘለና ዘዘኻኽረ እዩ። እቲ ስነ-ጥበባዊ ምርኢት ብዘንታታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዕሚቕ ሃገራዊ ትምህርትን ናይ መጻኢ ራእይን ዝተሰነየ ነበረ። ክብርታት ሰማእታት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገር ውርሻ ምዃኑ፡ ሰማእታትና ካብ ዝጸበይዎ ዓብዪ ህያብ ድማ ሓድነታ ዝጸንዐት፡ ምህናጽ ስልጥንትን ምዕብልትን ፍትሓዊትን ክብርቲ ኤርትራ ምዃኑ ብስነ-ጥበባዊ ዋሕዚ ዘንጸብረቐ መደብ ኮይኑ ተዛዚሙ።

## ‘መሓመዲኖ!’

ጸላኢ
ብናይ ውግእ-ነፋሪቱ፤ ዝተፈአ
ገሃነመ-እሳታዊ ናፓልም፤
ማይ’ኳ ዘየጥፈኦ . . .
እዚ ዓሰርተው-ሓሙሽተ ዓመታት ዘይመለአ፤
ጭልቅዕ ወዲ
ንተጋደልቲ ኺበጽሕ ኢሉ’ዩ ዝመጸ፤
ናብታ ዓዲ . . .

ኪልክም ዘይነበሮ
ኣብ ዘይእዋኑ
ተለኪሙ!
ኣሸምባይ’ዶ ሰብሲ
ካልእ ፍጥረት’ውን ኪቐምሶ ዘይብሉ፤
ናይ ሕሰማት-ሕሰም። ተሰኪሙ!!

መላእ ኣካሉ፡ ከም ጥሉል ዕጸ፤
ይተክኽ፡ ይነድድ።
ቂመኛ፡ ተረጋም ቀመም፤
ሓንሳብ ድሕሪ ሓዘ፡ ለካ-ዘይሰድድ!
እዚ ሸዊት ቈልዓ፡ ብኺትሰምዖ ዘሰካሕክሕ ቃንዛ፤
እና ኣንገርገረ የእዊ።
እንታይ ይገበር ግን፤
ብድርዕቶ’ውን ዘይዕበስ ሓዊ . . .
ንዝተቓጸለ ስጋኡ፡ ብዘይልቡ፡ በእዳዉ’ሞ
ይጽርግፎ
እቲ ድሮ ዝተፋኸመ ኣካል፡ ከም ፕላስቲክ እናተመጠጠ፤
ናብ ኣእዳዉ ይለግብ፡ ይልጠፎ።

እንትርፎ’ተን ዘውራሕርሓ ኣዒንቱ
መላእ ነብሱ፡ ናብ ሕመት ተለዊጡ-ከም ሕራር ጸለሎ።
ብኽትግምቶ ዘዳግት ስቓይ፤
‘ማ ማየ!’ ይብል፡ ይፈሓስ፡ ይልሎ . . .

በዚ በኣይ’ሲ፡ ናይ ኣዜብ-‘ታ ሓኪም ናይ በጠሎን
ናታ ገደደ!
ንዝፎቕፎቓ ስጋኡ እና ሓጸበት፡ ኣጽረየት፡ ሸፈነት
ንዘይጠቕሞ፡ ፈውሲ-ርኽሰት እንካብ ተኣንገዶ
ኤህ! ውጉድ ኮይኑ’ምበር’ ብኻ- ብሞርፊን ጀሊሓ-
ናብ’ቲ ዝደንጉዮ ዕረፍቱ ዘይትሰዶ፤!

እንተ ዓበየቶ፡ ብሰለስተ ዓመታት ጥራሕ’ዩ።
ነዓኣ’ውን፡ ዘይተሰለዐ፡ ዘይተለከዐ፡ ዘይተሸነነ መርገም ወሪዱዋ!
ገና፡ ንትርጉም ናይ ሰብኣዊ ሕልፈት ከይበጽሓቶ_
ገጽ-ዘይብሉ፡ስም -ኣልቦ ግፍዒ፤ ንኣፍ-የለሽ ጥርቕምታ ፈሪዱዋ!!
ኣብ ጉድኑ ኣይትፍለ!
በንጸርጽሮታቱ ሓሓሊፉ እንኪፍሕጥራ፡ ኪነኽሳ
ብዘይ ሃይታ፤ ትም ኢላ ትስንበረሉ።
ሰውራ ዘይጻወሮ ድኽመት መሲልዋ፡ ብዘይቃላት_
በዒንታ፡ በጻብዕታ፡ ብደሃያ፡ ብሓልዮታ ጥራይ፤ ተቀባጥረሉ።
እቲ ዘኢትነገር፡ ተካል ዕጫ ናይ’ዚ ቅርሱስ ቈልዓ፤
ብደዋ ዓኒዱዋ።
እቲ ቐልባ፡ ምስ’ዚ ኣብ ድርኮኹት-ሞት ዘሎ ጭልቅዕ’ምበር
ካብ ኩሉ’ቲ ኻልእ-ማልእ’ሲ፤ ተነጺሉ ጋሪዱዋ . . .
ምስ ተሰውአ’ንከ፡ ዒራ ዘይሕምሞ-
ከም’ዚ ኣብ ዘይእዋና ዝወለደቶ በኹራ፤
ናብ ኣፍል-ባ ወቲፋ፤ ትሓቑኖ።
ትንቐንቖ-ትነቓንቖ!

እዚ ናይ ክልቲኦም ትርኢት’ዚ_
ኩሉ’ቲ ኣብ ዙርያኦም ዚነበረ ሰብ_
ይትረፍ’ዶ ንኺምስክረሉ’ስ፤
ነዛ ንምርኣዩ እዩ ዚጨነቖ!

ኣማስያኡ፡ ተዓቝሮም ዝጸንሑ ውሕጃዊ፥ ስርንዛላዊ ንብዓት
ካብ ኰርናዓት ናይ’ቶም ዝተጸምቁ ኣዒንታ፤
ብሸረብረብታ ይመልቁዋ!
‘መሓመድ’
‘መሓመደይ!!’
‘መሓመዲኖ!!!’ ትብሎ፤ ምልቃቑ ጨኒቑዋ!!

ምንጪ - ህያው ደብሪ
ብተስፋማርያም ወልደማርያም

ሪፖርታዥ

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ ሃለቃ)

ስእሊ- ጨንፈር ስእሊ

# ወግዓዊ ስነ-ስርዓት ዝኽሪ ሰማእታት፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ



20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ኣብ ዘተግበረ ወግዓዊ ስነ-ስርዓት ብኽብ ዝበለ ኣገባብ ተዘኪሩ። እቲ ስነስርዓት ካብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ብዝተበገሰ ንኣሸቱን ዓበይትን ዝተሳተፍዎ ናይ ሓበር ጉዕዞ እግሪ ዝፈለመ ኮይኑ፡ ብጉዳናታት ሓርነትን ሰማእታትን ኣቢሉ፡ ካብ ሓወልቲ ሸዳ ድማ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ዲፕሎማስኛታትን ብኣሽሓት ዝቑጸር ህዝቢ፡ ካብ ሰዓት 6፡00 ንግሆ ብምርሻ ጥንድ ተመሪሑም እያም ናብ መቓብር ሓርበኛታት ናይ እግሪ ጉዕዞ ኣካይዶም። ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ኣብ ዝበጽሕሉ ድማ፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣኽሊል ዕንበባ ኣንቢሩ።

ኣብ ቅንያት 20 ሰነ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ኣብ ረዚን ዝኽርታት ጥሒሉ እዩ ጥሒሉ ዝቕኒ። እቲ ምንታይ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ከርናዕ ናይ'ዛ ሃገር፡ ንስለ ናጽነት ዝወደቑ ሰማእታት ኣለው። ኤርትራዊ ዜጋ ድማ፡ ሰማእታቱ ኣብ ኣእምሮኡ እናተሰኽልዎ ኣብ ዓሚቝ ዝኽሪ ይጥሕልን ይሽመምን። ኣብ ዝሽደኻያ ጭሪም ወይ ቃጽያ መሬት ሃገርና ንኽብሪ ህዝቦምን ሃገሮምን ዝወደቑ ጀጋኑ ኣለው። ከም ንስሪ ኣርሒቕም እናጠመቱ እፎይታን ሓርነትን ህዝቦም እናተመጽኡ "ዓወት-ንሓፋሽ" እናድመጹ'የም ሓሊፎም። ስለዚ'ዩ ድማ ኩሉ ዜጋ ብዝኽሪ ሓበን ኣብ'ዛ ዕለት ዝስጥም።

ኣብ'ዚ ሃገር፡ ብጾላኢ ዘሰኻሕኽሐ ጃምላውን ኣረሜናውን ግፍዒታት ተፈጺሙ እዩ። ዓመጽን ግፍዕን ምስዘመዝሐን ኤርትራዊ፡ ኣብ ማእከል ዓዱን መሬቱን ብየፍዒ ምስ ተቓዚፈን ናይ ሽዑ ወለዶ ንስለ ህዝቡን መሬቱን ብረት ከልዕል ተገዲዱ። እታ ብዘሰኻ ዋጋ ዘይትትመን ሩሑ ከፊሉ ድማ ናጽነት ኣምጺኡ። ናጽነት ግን ወትሩ ምሕብሓብ ስለዘድልያ፡ ቀጺሉ'ውን ናጽነት ዝዕቅብ ወለዶ ቀያታት እናፈጸመ ብዙሕ ዋጋ ከፊሉን ይኸፍልን ኣሎ።

ብሓፈሻ ናጽነት ንምምጻእን ንምዕቃብን ዝሓለፉ ሓርበኛታት፡ ዛንታኦም ክትጽዊ እንተ ደኣ ኳንካ፡ መወዳእታ ኣይትረኽበሉን። ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ልዕሊ ንጹህ ህዝብና ዘውረድዎ ኣደራዕን ሕሰምን፡ ዝምታን ረሲዖን ደንቁርናን ባርባራዊ ግፍዒታትን ግዜ ሰሪድዎ ሓሊፉ ኣሎ። ዝኢ እዮም ድማ ጀጋኑና፡ "እምቢ ኣይንግዛእን" ብምባል፡ ዕጥቃዊ ቃልሲ ከካይዱ ዝመረጹ። ንኢሰብኣዊ ተግባራት ደው ኣሊም ከይናሞ። ጽንዓትን ትብዓትን ሰኒቖም፡ ንዙብሶም ብምብጻው ንሓሱ-ሓርነት ከም እኣስተማቕር ገይሮም ኣለው። ስለ'ዚ ድማ ኢና ኣብዛ ዕለት'ዚኣ፡ ምስጋናን ሞሳን እናኣወፈና ንሕድሮም መብጽዓ እነሐድስ።

ሰዓት 7፡00 ቅ.ቀ ምስ ኮነ፡ ክቡር ፕረዚደንትን ናይ ክብሪ ዕዱማትን ቦታኦም ሓዙ። ወግዓዊ መደብ ብዝኽሪ ሰማእታት ብምፍላም፡ ብቐጥታ ናብ'ቲ ንኽብርን ዝኽርን ሰማእታትና ዝተዳለወ ባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኣታት'ዩ ዝተሰጋገረ። "ገንሸል" ብእትብል ደርፊ መንእሰይ ድምጻዊ መሴ ክፍላይ ድማ እቲ መደብ ተጀመረ።

ቀጺላ ድማ ብድራማዊ መልክዕ ብሓንቲ ኣደ ምስ ጓላ ኣሰንያ "ማማጀ" እትብል ንልቢ ተሳተፍቲ እቲ ዝኽሪ ዝተንክፈት ደርፊ ዘቕረበት፡ ድምጻዊት ፍረ-ሂወት በራሁ እያ። እዛ ደርፊ "ማማጀ ኣጆኺ ከም ቀደምኪ፡ ከምቲ ንኽሉ ብትብዓትን ጽንዓትን ዝሰገርክዮ፡ ሕጂ'ውን ኣጆኺ ቅናት ሓሞትኪ ኣትርሪ ጽንዓ፡ ንስለ ሓርነት ህዝቢ ዝተበጀወ ወድኺ ጉት እዩ ሰፈሩ



ስእሊ-ኣብርሃም በየነ

ተሓቢ" ዝመልእኽታ ደርፊ ምስ ኣቕረበት፡ "ሻበል" እትብል ደርፊ ብቛንቋ ናራ ሐዙ ናብ መድረኽ ዝተቐልቀለ ጉዲም ድምጻዊ ኣደም ዓምር ፋይድ እዩ። እዛ ብስነ-ጥበበኛ ዳውድ ኣደም ኣብሽሽ ዝተሓደመት ደርፊ፡ ንኽብርን ዕላማን መስዋእቲ ሰማእታትና እትገልጽ እያ ነይራ።

ወጋሕታ 20 ሰነ ህዝቢ ካብዩ መላእ ኩርነዓት ኣስመራ፡ ምዖታት ሰማእታቱ ንምዝካር ናብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዝውሓዘ ህዝቢ፡ ኣብ ሃዋህው ሰቐታን ዝኽርን ዓሪዱ ይረኣ። ዝሓዞ ሽእልታት ሰማእታት ድማ ንነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ገዛ ዝኳሕኩሐ መስዋእቲ ንህንዱድ ሓይሊ ጸላእትናን ዝገደፉልና በሰላን በቲ ሓደ፡ በቲ ካልእ ድማ ንጅግንነትን ቅያን ኤርትራዊ ዝገልጽ እዩ። ብተወሳኺ፡ ሰማያትን ጐደናታትን ኣስመራ፡ ጸጥታን ርግኣትን ዓሲልዎ፡ መሬት ክብድብድ ኢሉ ይረአ። በቲ ሓደ ወገን ከኣ፡ ደብና ሰግለለት ዘሰቐ ልቢ ዝመልስ ጥዑም ንፋስን ሐደት ኪፍኪፍታ ማይን ንቅዱስ መስዋእቲ ጀጋኑና ዝምስክር ነበረ።

መስዋእቲ እዛ ሃገር ንነፍሲ-ወከፍ ጾታን ዕድመን እዩ ብማዕረ ጸልዩ። ኣብ ኩሉ ዕድመን ጾታን ዘሎ ኤርትራዊ ሰብ ድማ ኣብዛ ናይ ዝኽሪ ዕለት፡ ንድሕሪት እናጋለበ ናብ ናይ ዓመታት ዝኽሪ ዝኣቱን ዝሽመምን። እታ ዕለት ብእትሽፍና ናይ ዝኽሪ ጉዕዞ ምዕራፋት ክንዲ ናይ ጥቓላል ዓመታት እያ። እዚ ማለት እታ ናይ ዝኽሪ ዕለት ብስፍሓታን ዕምቈት መንፈሳን ካብ እምባ ሶይራ ክሳብ ጫፍ ዕምቈት ባሕሪ፡ ካብ ጫፍ ደቡብ ክሳብ ጫፍ ሰሜን፡ ካብ ደረት ምዕራብ ክሳብ ጫፍ ምብራቕ እዛ ሃገር እትዝርጋሕ ከቢድ ዕለት እያ። እዛ ዕለት ኣብዚን ስሳ ናይ ዝኽሪ ካልኢታትን ጦብላሕታን ደምር ናይ 30 ዓመታት ቅያን ጅግንነትን ሓይልን ጽንዓትን ሰቓይን ምረትን ገጻት ዝሓቖፈት እውን እያ።

ኣብ'ዛ ናይ ዝኽሪ ህሞት፡ ብዙሓት ሕቡርታትን ምዕራፋትን ጉዕዞ ቃልስናን ብደሆታቱን እዮም ዝቐጀሉኻ። ብዙሓት ጀጋኑ ይቕልቀሉኻን ይረኣዩኻን። "መን ይንገር ዝወዓሉ፡ መን የርድእ ዝቶበረ" ከም ዝበሃል ብዙሓት ዝቶበሩ ኩብዲ ጀጋኑ'ውን፡ ኣብዛ ዕለት ሰብ ምኻን ከይተርፍ ሓጭጭጮ ይብሉ። በቲ ሓደ ከኣ ገጥ ይብሉ። ብዙሓት ብጾቶም ዝቶበሩ ጀጋኑ ዝኽርታት እናተቐዳደመ ይርብሖም። እንተኾነ ንሕድሪ መጓዕዝቶም ብጉብሪ ንኽኮጥምዎ ደጊሞም ምስ ህዝቦም ቃሎም የሐድሱ።

ብዙሓት ከም ሞቢእ ደቆም ዝወፈዩ ወለዲ'ውን ንብዓት ሓበን ጸረር የብሉ፡ ብዙሓት ወለዶም ዝኸፈሉ መንእሰያት ከኣ ንብዓት ናፍቖት ይነብዑ። ንመስዋእቶም ብናይ ልምዓትን መኸተን ቅያታት ክድኑበሎ ድማ ኒሒም መመለሱ ክብርኽ ይረኣ። እታ ናይ ዝኽሪ ዕለት ድማ ብዘኸርዕ ያታ ሓበንን መብጽዓ ሰማእታቶምን ትዝክሮ።

ወግዓዊ መደባት ዝኽሪ 20 ሰነ ከም ዛራ ማይ እናውሓዘ እንከሎ፡ "ረዙ-ረዙ" እትብል ግጥሚ ዘቕረበ ጉዲም ስነ-ጥበበኛ ሳሚኤል ጉብረኣዶናይ እዩ። ንሱ ንርዝነት መንፈስ ሰማእታትናን መርሒነትናን ህዝብናን እተጉልሕ ግጥሚ እዩ ኣቕሪቡ። ቀጺሉ ነቲ ሃገርን ህዝብን ዘድሓኑ ንጭቀና መግዛእቲ ዝሽፍኸ ሰውእ እትገልጽ "ደገም ቅሰን" እትብል ደርፊ ዘቕረበ ድምጻዊ ቴድሮስ መንግስቱ እዩ። ንሱ ተኸቲሉ ድማ ብቛንቋ ትግራይት መንእሰይ ድምጻዊ ሙራድ ፍስሃየ "ሸውሃዳና" እትብል ንውዕሎ ሰማእታትና እተንጸባርቕ ምስ ኣቕረበ፡ እግራእግሩ ንቅትዕ ማስመርን ገድሊ፡ ምስጢር ቃልስን ዓወትን፡ ረቂቕ ሓይልን ህዝቢ ኤርትራ እትትንትን "ዑደት ኣቢቲ እምነት" ዘርእስታ ብስነ-ጥበበኛ እዮብ ሃብተስላሰ ዝተገጥመት ሞኖሎጋዊት ግጥሚ ምስ ብጾቱ እናተሳፈነ ኣቕሪበዎ።




እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ብ19 ሰነ ኣብ ሰዓታት ምሸት ብዳሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸር ህዝቢ'ን ተመሃሮን ዝተሳተፍዎ ሰልፊ ሽምዓ ተኻይዱ። ካብ ጉደና ሰማእታት ከቢ ሲቲ-ፓርክ ብምብጋስ ድማ ብማርሺን ጥንድ እናተመርሐ ብጉደና ሓርነት ሓሊፉ፡ ንቐንዲ ጉደናታት ኣስመራ ብምስንጣቕ፡ ንኽብሪ ሰማእታቱ ጥዋፍ ብምብራህ፡ ንተወፋይነትን ጽንዓትን ሰማእታትና ብዝዘኻኽሩ ዝተፈላለዩ ሃገራዊ መዛሙር፡ ብማርሺን ጥንድ እናተመርሐ ልክዕ ሰዓት 7፡40 ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም በጺሖም። ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ኣብ ዝበጽሕሉ፡ ንርዝነት እታ ዕለት ዘዘኻኽሩ ባህላዊ መሰናድኣታት ደሚቑ ኣምሲዩ። ሰማእታትና ንዝተወፈይሉ ክቡር ዕላማ ዘንጸባርቕ ትሕዝቶታት ድማ ሓደ ድሕሪ ሓደ ቀሪቡ። ተሳታፊ ሰልፊ ሽምዓ ድማ በቲ ዝቐረበ ንተግባርም ዘኩልሕ ባህላዊ መሰናድኣታት ብመንፈስን ዝኽርን ምስ ሰማእታቶም ተራኺቦም።

ኣብቲ ዕለት፡ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዞባ ማእከል ኣቶ ተኪኤ ቀለታ ኣብ ዘሰምዖ ቃል፡ ስላምን ናጽነትን ኤርትራ ብደም ብሉጻት ጀጋኑ ደቃ ከም ዝተረጋገጸ ድሕሪ ምሕባር፡ ኣብዛ ክብርቲ ዕለት ንሰማእታትና ጥዋፍን ሽምዓን ወሊዕና ኣብ እንዝክረሉ ዘለና ህሞት፡ ሓድነትና ዓቒብና ስድራ ሰማእታትና ብምሕብሓብ ኣብ ልምዓት ሃገር ሰጢምና ብዘተወፋይነት ክንሰርሕ ኣዘኻኺሩ። ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ ድማ፡ 20 ሰነ እታ ዝኸበረት ዕለት ብምዃና፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ዝኣሰ ክሳብ'ቲ ዝዓበየ ሓብሮም ሽምዓ ብምብራህ ሰማእታቶም ክዝክሩ እንከለው ፍሉይ ሓበን ከም ዝስምዖም ብምግላጽ፡ ሕድሪ ሰማእታቶም ንምትግባር ኩሉ ዜጋ ብጽንዓት እጃሙ ክበርክት ተላብዮም።

ብተወሳኺ፡ ብቐንያቱ ሰማእታትና ንዘወደቑሉ ዕላማ ብምግንዛብ፡ ሃገራውያን ማሕበራትን ትካላትን ሚ/ራታትን ከምኡ'ውን ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢን ን/ዞባታትን ዞባ ማእከል ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራን ፓርክ ሰማእታት፡ ማይ ደምንትን ካልእ ቦታታትን ካብ 15 ሰነ ጀሚሮም ማእቶታዊ ንጥፈታትን ምኽሳኽስ ኣግራብን ናይ ጽሬት መደባትን ምትካል ፈልስታትን ኣካይዶም። ብኻልእ ወገን 19 ሰነ ጀጋኑ ሰማእታትና ንምዝካር፡ ኣብ ቤተ ክርስትያን ደብረሳህለ ቅዱስ ሚካኤል ጸሎተ ፍትሓት፡ ኣብ መስገድ ኣልኹላፋእ ኣልራሺዲን ድማ ዱዓ ተኻይዱ።

ሰውራ ኤርትራን ህዝቡን ብመዳፍዕ ጸላኢ ኣይተዳህለን። እኳ ደኣ እቲ "ሕነ ቀራናት ንጓዕምምት" ዝቃናኡ ኣረሜናዊ ግፍዒ ጸላኢ፡ ስዑ ነኺሱ ቃልሱ ከም ዝዕወት ዝገበሮ ረቂቕ ሓይሊ እዩ።

ርዝነትን ዝኽርን 20 ሰነ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ፡ ብድምቀት እናተዘከረ እንከሎ፡ "ሓበይ"፡ ብድምጻዊ ቢንያም ሰለሞን፡ "ደክቲ ዋዛ" ብቛንቋ ሳሆ ብድምጻዊ ዓብደላ ዑመር፡ "ዝኽሪ'ዩ ህላው" ብድምጻዊ ኢሳይያስ ሳልሕ (ራሻ) ተመራሪሐን ንኽብሪ ሓርበኛታትና ዝቐረባ ሕሩያት ደርፍታት እየን። እቲ መደብ ድማ ልክዕ 7፡45 ቅ/ቐ ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!

ሪፖርታዥ

# ሃገር፡ ኣብ ረዚን ዝኽሪ ሓበን!














ስእሊ-ታእዛዝ ኣብርሃ
ኣክሊሉ ዘርእዝጊ
ክብሮም ጸሃየ
ኣብርሃም በየነ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.**

**Position: LV Mechanic**
**Department: Mining**
**Section: HME Maintenance**
**Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**

- As an HME LV Mechanic, you will be responsible for the maintenance, repair and troubleshooting of light Vehicles, Busses etc. used in mining operations. You will play a crucial role in ensuring minimal downtime of machinery and contribute to the efficiency and safety of our mining / construction projects. To execute all work according to BMSC safe works rules and procedures.

**Main Function**

- Safety targets achieved.
- SOP requirement achieved.
- Production Targets met (Costs maintained within budget.
- Manpower development achieved.
- Health, Safety and Environment.
- Reporting.
- Additional Duties.

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Please note this job description is not designed to cover or contain a comprehensive listing of activities, duties or responsibilities that are required of the employee for this job. Duties, responsibilities and activities may change at any time with or without notice.
- Candidate must be physically and mentally fit.

**Knowledge, Experience and Skills**

| |
|---|
| **Qualifications:** |
| • Diploma in Light vehicle and Busses maintenance or Formal Trade Certificate |
| • Highschool Diploma or Certificate |
| • Additional Training or certification in Light Vehicle, Bus repair is preferred |
| **Knowledge and Experience:** |
| • Minimum 5 years' experience in repairing and maintaining Light vehicle and Busses. |
| • Proven trouble shooting abilities and experience working with diagnostic tools will be advantageous. |
| • Ability to read and interpret technical manuals, schematics and blueprints. |
| • Acceptable knowledge of underground safety and work execution. |
| • Holder of a valid driven license. |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| • Computer Literacy | • Risk assessment and safety oriented |
| • Hydraulic fault-finding | • Time Management |
| • Mechanical/Electrical skill | • Communication (English) |
| • Onboard Fire Suppression Systems | • Able to work in a team concept |
| • Acceptable knowledge and experience on multiple underground machines | • Able to share knowledge and skills with local workforce. |
| • Risk assessment | • Ability to work under pressure and achieve results. |
| • Navision and other Software skills | • Ability to work in a multi-disciplinary environment. |
| • Logical Thinker | • Self-starter, Organized, Competent, Dependable, Responsible and Committed |

**Position: Maintenance Planner**
**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Processing Maintenance**
**Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Contribute to the Operations by ensuring that all maintenance activities are planned and completed in a cost-effective manner with minimal disruption to ore processing and mining activities.

**Essential Functions**

- Lead and contribute to the execution of Planning and Reliability of all operations (Process Plant, HME, Engineering Services) and ensure all maintenance activities are aligned with project plans.
- Register all new equipment on the CMMS, Navision and categories and compile Standard Job lists with hazard identification included.
- Compile spares list for the equipment from the OEM's Installation, Operational and Maintenance Manuals.
- Compile Applications for new stock inventory (ANSI) for all equipment installed.
- Compile Preventative Planned Maintenance Schedules for all equipment based on the OEM's recommendations.
- Develop Predictive maintenance schedules through condition monitoring practices and techniques for critical equipment.

**Main Function**

- Purchasing and Supply Chain.
- Contractors.
- Work Management Processes.
- Administration.
- Health, Safety and Environment.

**Unique Requirements / Other Information**

- Candidate must be medically and physically fit and must have a proven track record and references.

| | |
|---|---|
| **Qualifications:** | |
| • Diploma/Degree in Mechanical or Electrical Engineering<br>• Minimum Education: Tech/Vocational Cert. Education followed by additional Mechanical/Electrical Trade Training with significant experience in the Mechanical/Electrical engineering discipline.<br>• (Certificate in Management)/Business Management will be an added advantage | |
| **Knowledge and Experience:** | |
| • Trade certificate as a Fitter or Electrician | |
| • 2+ years proven experience in the mining sector (Maintenance planning and scheduling capacity) | |
| • 4 years' experience in mechanical or electrical maintenance as a fitter or electrician or Supervisor's role. | |
| **Technical Skills** | **Behavioural Skills** |
| • Computer Literacy (MS Office – Intermediate, In-house software) | • Communication (English, Local language advantage) |
| • Time Management and mechanical/Electrical skill | • Innovative, Efficiency and accountability |
| • Project Management and risk Assessment | • Cultural Diversity sensitivity |
| • Logical Thinker Mechanical / Electrical skill | • Coach/Mentor and team player |
| • Project Management and Mechanical / Electrical skill | • Handling of pressurised environment |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**


**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to: -**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ካብ ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ

ከምቲ ኣብ ታሪኽና ተሰኒዱ ዘሎ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ኣደራዕ መግዛእቲ፡ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈጸሙ ግፍዕታት ማእለያ የብሎምን። ታሪኽ ግፍዕታት ግዝኣት ምዝኽር ዘድልየሉ ምኽንያት ኣብ ሕሉፍ ንምንባር ወይ ቂምን ጽልእን ንምሕዳር ዘይኮነ፡ ካብኡ ትምህርቲ ብምቕሳም ኣሉታዊ ታሪኽ ከይድገም ንቕሓት ንምፍጣር እዩ።

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒ ምዝኽር ማለት፡ ንሓድሽ ወለዶ ታሪኽ ምንጋር'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘበነ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊኡ ዝወረደ ግፍዒ ብዙሕ'ዩ። ብጥይት፡ ብሰንጫ፡ ብደብዳብ ነፈርቲ፡ ብዝተቐባረየ ነተጉቲ፡ ዓይኑ እናረኣየ ብህይወቱ ከሎ ናብ ሃልሃል ዝብል ሓዊ ዝተቓጸለ ዜጋ . . . ልዕሊ ኹሉ ድማ ኣብ ሓደ ቦታ ኣከቢቦም ብሰንሰለት ታንክታት እናተሓምዀለ፡ ነፍሰ ጾራት ብሰንጫ ዝተዘልዘላ . . . ኮታ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘይተፈጸመ ገበናን ግፍዕን የለን።

እምበኣር 20 ሰነ ኣብ ነፍሰ ወከፍ ዓመት፡ እታ ክቡርቲ ሰማእታትና እንዝክረላ ዕለት ካብ ኮነት፡ ነቶም ምእንቲ ናጽነትን ልኡላውነትን ዝተበጀዉ ጀጋኑ፡ ነቶም ሰላማዊ ህይወቶም እናኣዘዩ ኣብ ፈቖዶ ዓድታት ብጭፍጫፍ ጸላኢ ዝተቐትሉ ዜጋታት፡ ነቶም ኣብ ማሕዩር ብስልክታት ዝተሓነቑን ብጅምላ ዝተቐትሉን ኤርትራውያን እንዝክረላ ክብርቲ ዕለት እያ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ፡ ካብቲ ብዙሕ ብጭልፋ ብዝመስል ኣብ ልዕሊ ህዝብና ካብ ዝወረደ ግፍዕታት መግዛእቲ ምዝኽር ድማ ኣገዳሲ'ዩ። ሃጸይ ሃይለስላሰ ኣብ 50ታት ንቢንቶ መረብ ሰጊሩ ነቲ ኣቐዲሙ'ውን ብዘይ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ተበዩኑ ዝበረ ሰማዊ ፌደረሽን ኣፍሪሱ፡ 'ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን'ዩ' ብምባል ነቲ ኣብ 60ታት ብፍላጥ ድማ ኣብ 1967 ኣብ ልዕሊ ንጹህ ህዝቢ ምዕራባውን ምብራቓውን ቆላታት ኣውራ ድማ ኣብ ዓድ-ኣብርሂም፡ ዓድ እኩድ፡ ዓይለት ግምሆት፡ ከምኡ'ውን ኣብ 1970 ኣብ ሰንሒት፡ ኣብ ብስክዲራ፥ ዖና፡ ገሉብ ዛግሮ ወዘተ ዝፈጸሞ ግፍዒ ስርዓታት



ኣብ ከባቢ ኣስመራ ካብ ዝተቐትሉ ዜጋታት

ኢትዮጵያ መን ክርስዩ።

ኣብ ዝኸደኖ ዓዲ ይውሓድ ይብዝሕ ዝተፈጸመ ግፍዒ ኣሎ። ብሰንኪ እዚ ግፍዕታት'ዚ ዓድታቱ ሓዲጉ ናብ ስደት ሃጸ ዝበለ ህዝቢ ኤርትራ ውሑድ ኣይኮነን። እዚ ከኣ ሓደ ካብቲ ዘይርሳዕ ሓድጊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ'ዩ።

ብፍላይ ኣብ 70ታት ኣውራ ድማ ኣብ 1975 ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ



ካብቶም ኣብ 1967 ኣብ ዓድ እኩድ ዝተቐትሉ 99 ዜጋታት ብህይወቱ ዝተረፈ ውጹእ መዓት

ኣብ ፈቖዶ ዓድታት ዝተፈጸመ ግፍዕታት'ውን መቐጸልታ ናይቲ ስርዓት ሃይለስላሰ ንደርግ ዘረከቦ ክፉእ ታሪኽ እዩ። ገለ ካብቲ ኣብ 1975 ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዕታት፡ እቲ ብ31 ጥሪ 1975 ዝጀመረ ብ "ዕግርግር ኣስመራ" ዝፍለጥ ቅንያት፡ ኣብቲ ብኢጋጣሚ ናይቲ ኣብ 2025 ንዝኸረ 50 ዓመታት ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝወረደ ኣደራዕ ተዘኪሩ ኣሎ።

ብ8 ለካቲት 1975፡ ሰዓት 10፡00 ቅድሚ ቐትሪ ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ብረትን ጥይትን ካብ ኣዱስ ኣበባ ጾዒነን ዝመጻ ንዝበራ 25 መካይን ኣብ መንነ ኣስመራን ደቀምሓረን ኣብ ድባየ ኣእትየም ብምድምሳስ ብዙሕ ብረትን ተተኳሰን ሰለቡ። ልክዕ ኣብዚ ዕለት እዚ ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታትን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ኣብ ልዕሊ መሻኸር ቃኘው ሓበራዊ መጥቃዕቲ ፈጺሙ። ወተሃደራት ደርግ ድማ ሕነ ሕነ ናይዚ ዘሰንበር መጥቃዕታት'ዚ 'ሕነ ቀራናት ንንዕማማት' ብዝመስል፡ ግፍዕታቶም ኣብ ልዕሊ ተቐማጢ ኣስመራን ከባቢኣን ፈጺሙ።

ህዝቢ ኣስመራ ኣብዘን ቀዳሞት መዓልታት ናይ ለካቲት 1975 ኣብ ከበድ ወጥሪ ድሕሪ ምቕናዩ፡ ገለ ካብኦም ምስ ተጋደልቲ ዝዋግኡ ዝበሩ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኮማንደስ "ህዝብና ብጦር ሰራዊት ይጠፍእ ኣሎ" ኢሎም፡ ናይ ሓለዋ ነቑጣታቶም ጠንጢኖም፡ ተጠርኒፎም ብኡያ ናብ ኣስመራ ብምምጻእ፡ ምስ ጦር ሰራዊት ኣብ ምትፍናን ኣተዉ። በዚ ምትፍናን'ዚ፡ ጦር ሰራዊት ስለ ዝሰዓሩ እቲ ኩናታት ብምጠሉ ክሃድእ ከኣሉ። ድሕሪ'ዚ፡ ዘቖጥቍጥ ፍጻመ'ዚ ንሰርዓት ደርግ ብምርሕራሕ ናብ ሜዳ ወጺኦም፡ ኣብ ጎድኒ ተጋደልቲ ኣሕዋቶም ብምስላፍ ብረቶም ኣንጻር ጸላኢ ዘቐንዑ ኮማንደስ ብዙሓት ነበሩ።

ወርሒ ለካቲት ናይ 1975፣ ኣስመራ ኣብ ታሪኻ እቲ ዝኸፍአ ግፍዒ ግዝኣት ኢትዮጵያ ዝርኣየትሉ እዋን ነበረ። ወተሃደራት ደርጊ ነቲ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ዝበረ ዓድታት ምስ ተጋደልቲ ይተሓጋገዙ ኣሎ ብምባል ኣብ ጉደቦ ኣስመራ ኣብ ዘሎ ዓድታት እዚ ዘይብሃል ግፍዕታት ፈጸሙ። ገለ ካብኡ፥ ዓዲ ቆንጺ ኣብይታ ኣቃጺሎም ምሉእ ብምሉእ ክትድምሰስ ከሎ፡ ኣብ ዓዲብጓጓይ፡ 55 ቁልዑሰበይቲን ኣረጋውያንን ዝርከቡዎም ሰባት ብሓባር ዝተረሸኑሉ ፍጻሜ፡ ውሑድ ኣብነታት ካብቲ ዝፍጸም ዝበረ ዘስካሕክሕ ግፍዒታት ሰራዊት ኢትዮጵያ'ዩ።

እዚ ናይ ለካቲት 1975 ውግኣት ኣስመራን ከባቢኣን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝተፈጸመ ግፍዒታትን ኣቓልቦ ማዕከናት ዜና ዓለም ስለ ዝሰሓበ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣጉሊሑ፥ ንተፈላጥነት ሰውራ ኤርትራ ከዕብዮ ክኢሉ እዩ። ስርዓት ደርግ ንህዝቢ ብራዕድን ሽበራን ንምንብርካኽ ዝፈጸሞ ሰፊሕ ገበን ኣብ ልዕሊ ሱበኣውነት፡ ብኣንጻሩ'ቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ወጽኢት፡ ካልእ ምዕባለታት ወሊዱ።


ንህዝቢ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ኣዕሪጉ፡ ኣሽሓት ኤርትራውያን ናብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ክጽንበሩ ደረኸ። በዚ ደማ

ኣብ መወዳእታ 1974 ዝጀመረ ኣብ መጀመርታ 1975 ምስቲ በብእዋኑ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝፍጸም ዝበረ ግፍዒታት፡ ናብ ክልተኡ ውድባት ሰውራ ኤርትራ ልዕሊ 10,000 መንእሰያት ተሰለፉ።

መብዛሕትኦም እዞም መንእሰያት ትሕቲ 20 ዓመት ዝዕድመኦም ካብ ኩሉ ከተማታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ከምኡ'ውን ካብ ገጠራት ዝመጹ ኮይኖም፡ ዝበዝሑ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ነበሩ።

ይቕጽል...

### እቲ ውጹእ መዓት



መምህር መሓመድኑር ዑስማን

ኣብ ፈለማ ወርሒ ናይዛ ሒዝናያ ዘለና ዓመት 2026 ብስራሕ ናብ ንዑስ ዞባ ኣዶብሓ ብፍላይ ድማ ሓሲታ እትብሃል ዓዲ ምስ በጻሕና ኢና ንመሓመድኑር፡ ኣብኡ ዝረኸብናዮ። እቲ ቀደም ጸምጸም በረኻ ዝበረን እንትርፎ መጻለሪት ገድሊ ካልእ ዘይነበርን ከበቢታት፡ ሎሚ ብሳላ ናጽነት ካብቲ ከቢ ዝተኣከበ ህዝቢ ዘቖማ ኣብ ቀድሓት እትብሃል ቦታ ሓንቲ ዓዲ ኣላ።

እታ ዓዲ ከም ኩሉ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ሳላ ብመንግስቲ ዝዋደድ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ብፍላይ፡ ትምህርትን ማይን ሕክምናን ኣገልግሎት ትረክብ። ዳይረክተር ናይታ ቤት ትምህርቲ ድማ መምህር መሓመድኑር ዝበሃል መንእሰይ'ዩ።

መምህር መሓመድኑር ኣብ 1985 ኣብ ቶኮር ምስ ተወልደ'ዩ ኣብ ወርሒ ሰነ 1986 ንኹ ጡብ ኣደኡ ከይገደፈ ምስ ልዕሊ 20 ትንፋስ ዝኾኑ ስድርኡን ኣዝማዱን ካብ ቶኮር ኣብ መኪና ህዝባዊ ግንባር ተወጢሖም፡ ናብ ዓዱ ኣዶብሓ እናተጓዕዘ ከሎ፡ ኣብ ዓረርብ መሬት ስለ ዝወግሑ፥ መኪይን ሻዕብያ ድማ ኣብ ዘኩገድሊ ብቖትሪ ተወዚ ስለ ዘይብሉ፡ ኣብቲ ቀንዲ መናሃርያ ደጀን ህ.ግ. ዝበረት ዓረርብ ወዓሉ። እታ ተሳፊርማ ዝመጸኡ መኪና ድማ ክሱብ መሬት ዝመሰ ናብ መውዓልእ ኣብቲ ዱር ተዓሸገት።





ስእላይ፡ ሰብሃቱ ክፍለ (ምሊሻ)

እቶም ንጹሃት ዜጋታት፡ መሬት ቀልጢፋ ክትመሳየሎም'ሞ ናብቲ ናፈቕሞ ዝበሩ ዓዶም ኣዶብሓ ከበጽሑ ተረቢጾም። የግዳስ ጾሓይ ከይዓረበት ዝገበር ኣይነበረን። ኣደታት በዣን ክቐልዋን ከደግድጋን መጋቢ ኮይልዋን ቁልዑ ክጻወቱ መሓመድኑር ድማ ኣጥባት ኣደኡ እናቐያየረ ክጠቡ . . . ኣብ ናይ ደስደስ ህሞት ከለዉ ሃንደበት፡ ብደብዳቢ ወገን እተን ክፉእ ደምጸን ክልተ ሚግ ነፈርቲ ኩናት ኢትዮጵያ ኣብ ዝበን ዓረርብ ትሓተን ብምምጻእ ነቲ ኣጽናቲ በምባታተን ኣብ ልዕሊ'ቲ ንጹህ ህዝቢ ኣዝነባ።

ልዕሊ 20 ዝኾኑ ህዝቢ፡ ብሓደ ረፍዲ ኣብ ሓደ እዋን ሃለቑ። መሓመድኑር ዑስማን፡ ጡብ ኣደኡ እናጠበወ ከሎ ኣብ መንጎቲ ዝተመታተረ ሬሳታት ብህይወቱ ጸኒሑ። ረቢ ጸናሕ ስለ ዝበሎ ድማ፡ ተማሂሩ ሳዋ ወሪዱ እነሆ ሎሚ ዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ቀድሓት ኮይኑ ንሃገሩ የገልግልን ንህዝቡ ይምህርን ኣሎ። እዉ፡ እቲ ውጹእ መዓት መሓመድኑር ዑስማን።

### ካብተን ግፍዒታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተኻየደለን ዕለታት

- ሓሙስ 26/11/1970 ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ብስክዲራ
- ዓርቢ 27/11/1970 ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዖና
- ዓርቢ 31/01/1975 ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ወኪ ደባ
- ሰንበት 09/03/1975 ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣቑርደት
- ሰንበት 06/04/1975 ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሕርጊጎ
- ሓሙስ 12/05/1988 ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሸዕብ።

